
ደሃይ
Dehay
1ይ ዓመት 2ይ ሕታም
ጥቅምቲ 2000 ዓ.ም
ዋጋ 4.00
ሓበሬታ ሓይሊ'ዩ!
Information is Power
ህዝቢ ትግራይ ኣብ ፖለቲካዊ መድረኽ
እዛ ሃገር ወዲ ወሰን ክኾን የብሉን
ኣይተ ስየ ኣብርሃ

# ጋሻ ደሃይ

ኣብዚ ዓምዲ'ዚ ዝለዓለ ተሞክሮን ስምን ዘለዎም ውልቀሰባት ዝተኣናገድሉ'ዩ።

ገና ካንሸሎ ተኸፊቱልና ዘሊቕና ናብ ሳሎን ገዝኦም እንትንኣቱ ፊት ንፊትና ናይ ሓደ ሓርበኛ ተጋዳላይ ዓቢዩ ስእሊ ኣብመእተዊ እቲ ሳሎን ብዓቢይ ተሰቒሉ ቀልብና ሰሓቦ፣ ስእሊ ሜጀር ጀነራል ሓየሎም ኣርኣያ፣ ናብ ውሽጢ ሳሎን ምስኣተና ድማ ስእሊ ስውእ ተጋዳላይ መሴ ብዓብዪ ኣብልዕሊ ቴሌቪዥን ተሰቒሉ ተቐበለና።

ኣቲ ብዝተፈላለዩ ስእሊታት ገድሊ ስውኣትን ተጋደልትን ዝማዕረገ ሳሎን ተመሲጥና እንትንዕዘብ ፣ሃንደበት ሓደ ስእሊ ቐልብና ሰሓቦ።

ኣብ መዓንጥኦም ዝተዓጠቑ፣ ካብ ገፆምውን ሓርበኛነት ዝንበበ ወላዲ እዮም መን ምዃኖም ንምልላይ ኣየሽገመልናን ወላዲ ኣይተ ስዩ ኣብርሃ ምዃኖም ገሚትና፣ ግምትናውን ግምት ጥራሕ ኣይነበረን፣ ንሶም ምዃኖም ተነጊሩና ብኸሚራና ድማ ሒዝናዮም።

ብኸምዚ ምስ ስእሊታት ገድሊ እናተዛተና እንተለና እቶም ዝደለናዮም ጋሻ ብፍሽኽታን እን ኳዕ ደሓን መፃእኹምን ድምፂ ደበኽ ኢሎም፣ ንሕናውን መንነትናን መምፂኢናን ተዛሪብና ወግዒ ጀሚርና፣ ምቹል እዮም መናእሰይ ምዃና ምስተረድኡ ዓቢይ ሓላፍነት ከምዘለና እሞ ንዚ ንምፍፃም ድማ ከምቶም ተዳሞት ኣሕዋትና ሰብ ዕላማን ራኢን ክንኸውን ከምዘዝበኡና መኸሮምና ምኽሮም ተቐቢልና ዝተሰከምናዮ ሃገራውን ብሄራውን ሓላፍነትና ከምንፍፅም ቃል ብምእታው ቃለመጠይቕና ጀሚርና፣ ክቡራት መምበብቲ ጋሻና መን ከምዝኾኑ ንምፍላጥ ዘውግመልኩም ኣይመስለናንም ብፍላይ ኣዚ ቃለመጠይቕ ከንገብር ዓቢይ ምትሕብባር ንዝገበሩልና በዓልቲ ቤቶም ወ/ሮ ሓዳስ ዓለሙ ዝለዓለ ምስጋናና እናቕረብና ብዙሕ ሕቶ ክንሓቶም ተዳሊና እኳ እንተኸድና ኣይተ ስዩ ኣብርሃ ኣይፋል ብምባሎም ፍቓደኛ ንዘኾኑሎም ዝተወሰኑ ሕቶታት ዝሃቡና መልሲ ከነቕርበልኩም።



# ህዝቢ ትግራይ ኣብ ፖለቲካዊ መድረኽ እዛ ሃገር ወዲ ወሰን ክኾን የብሉን - ኣይተ ስየ ኣብርሃ

**ደሃይ፦** *ኣይተ ስየ ፈለማ እንኳዕ ካብ ናይ ሽዱሽተ ዓመት ቤት ማእሰርቲ ወጺኦም ምስ ስድረኦም ንምርኻብ ኣብቀዖም*

ኣይተ ስየ፦ ኣሜን የቐንየለይ ዝሓወይ

**ደሃይ፦** *ብግዕዝይና (Corruption) ተኸሲሶም ሓሙሽተ ዓመት ተፈሪድዎም እዮ፦ እስኪ እዚ ሽድሽተ ዓመታት ዝተኣሰርሉ ከመይ ተቐቢሎሞ?*

ኣይተ ስየ፦ ኣነ እቲ ሙስና ዝባሃል ዘረባ ነቲ ሓቀኛ ሽግር ንምኽዋል ዝተለጠፈ ቃል እዩ። ሙስና'ማ እቲ ዘረባ ባዕሎም እንተልዕልዎ እንተለው ኣይ እንድሕር ሙስና ኣሎ ትብሉ ኾይንኩም፦ ንዑ ናይ ኩልና ጁባ ይኣርኣር ንብረትና ብሱምና ብኣንስትና ብደቅና፥ ብኣሕዋትና ሱም ዝተመዝገበ ናይ ነብሲ ወከፍና ኣባላት ማእኸላይ ኮሚቴ ንብረት እንተሃልዩ ይመዝገብ ይፈተሽ ይኣርኣር እቲ ዝተረኸበ ንብረት ካበይ ከምዝመፀ ካዓ ይፃረ ዓዲ ይፍለጦ ናብ ጉባኤ ይቕረብ ኢለ ምስ'ቶም ምሳይ ዝነበሩ ብፆት ጠለብ "ፔቲሽን" ኣቕሪብና ኢና፦ ግን እዙይ ኣይተቐበልዎን ነዚ ሓሳብ'ዚ ውድቂ ገይሮም ሙስና ብኣራኣእያ ኢና ንቃለሶ ዝብል ዘረባ ኣምጺኦም፦ ብድሕሪኡ ንዓይ ኣሲሮም፦ ንብረት ኣርጊሮም። ናተይ ጥራሕ ዘይኮነ ናይ ቤተሰበይ ብሙሉኡ ኣብ ወፃኢ እንተልዩ'ውን ተሓባበሩና ኢሎም ንናይ ወፃኢ መግስታት ሓቲቶም። ብሱም ስየ ወይ ብሱም ቤተሰብ ዝተቐመጠ ቅርሺ እንተልዩ ድለዩልና ኢሎም ኣብ ኢትዮያን ወፃእን ፈቲሾም ፍሒሮም ቀቢፆም ኣብ መጨረሻ ብሱም ኣሰፋ ኣብርሃ ዝባሃል ሰብ ኣብ ባንኪ ዝተቐመጠ ቅርሺ ረኺቦም እዚ ገንዘብ'ዚ ኣእግዱልና ኢሎም ተኣጊዱ፦ ኣሰፋ ኣብርሃ መን እዩ ኣባሓጉኡ መን ይበሃሉ ኢሎም ከፃርዩ'ኳ ዓቕሊ ኣይረኸቡን። ረኺብና'ባ ኢሎም ተጓይዮም ኣብ ጋዜጣ ኣውጺኦም'ዎ። ብቤት ፍርዲ ኣእጊዶም። ድሓር ኣሰፋ ኣብርሃ ዝባሃል ቅርሺ ዘቐመጠ ካሊእ ሰብኣይ ተረኺቡ ቅርሸይ ክወስድ እንተበለ እዙይ ዳእ ተኣጊዱ

→

እንድዩ፦ ወይለይ ሽቂለ ዘጥረኽዎ ቅርሺ እንታይ ኢልኩም ትእግዱለይ ኢሉ ኣብየት ኢሉ፦ ዳሓር ወየ ኣሰፋ ኣብርሃ ዝተባሃለ ሰብኣይ ኣሰፋ ኣብርሃ ሓጎስ ዘይኮነስ ካሊእ ኣሰፋ ኣብርሃ ምዃኑ ምስተረጋገፀ እቲ እግድ ተላዒሉ፦ ስለ'ዚ ኣነ ይጎርጎር ኢለ ንሳቶም እምቢ ኢሎም ናዓና ኣሲሮም ጎርጊሮም ምንም ኣይረኸቡን፦ ድሕሪኡ ዘምፅእዎ ክሲ ኻዓ ዓዲ ሰሚዕዎ እዩ፦ ብዘይ ኣገባብ ንኣሕዋተይ ልቓሕ ይወሃበለይ ኢሉ ንኣቶ ጥላሁን ኣባይ ብስልኪ ዕዕንቶ ፈጢሩ'ያ ተባሂሉ። ንእምቼ'ያ ቅናሽ ሃቡዎም ንኣሕዋተይ ኢሉ ጠይቑ ተባሂሉ። ንሓደ ካሕሳይ ኣባይ ዝባሃል ሰብኣይ'ባ ብቐረፅ ክኣትው ንታእምራት ለሚንካ ተማሕፂንካ ተባሂሉ፦ እቲ ዘረባ ናብ'ዙይ ወሪዱ እቲ ዝዝረብ ዝነበረ ግን ዓዲ ሰሚዕዎ እዩ፦ ሓምሳ ስካንያ መኻይን'ባ ብዙሕ ቅርሺ'ባ ከምዚ ገበር'ባ ተባሂሉ ተዘሪቡ። ንዓይ ምስ ኣሰሩ ግን ሓንቲ ነገር ክረኽቡ ኣይካኣሉን፦ ግንቦት 21 1993 ዓ/ም ንዓይ ምስሙሉእ ቤተሰበይ ምስ ኣሰሩ እዮም ቤተሰብ እዚኦም ዘላዓልዎ ነገር እንድሕር ዳኣ ሃልዩ ጥቆማ ሃቡና ኢሎም ፋክስ ቐፅሪ ስልኪ ቑፅሪ ናብ ምሃብ እኾ'ዩም ኣትዮም፦ ካብ ናይኣብርሃቤተሰብ ሸሞንተ ሰብ'ዩም ኣሲሮም። ካብደቂኣብርሃ ከይተኣሰረ ዝተረፈ ሓደ ሽማግለ ሰብኣይ ኣሎ ኣብ ገዛና ኣብ ተምቤን ዝቕመጥ። ዝተረፍና ሸውዓተ ግን ተኣሲርና ሻምንይቲ ሰበይቲ ምሕረተኣብ ሓወይ፦ ሸሞንተ ሰብ ካብ ሓደ ገዛ ብሓደ መዓልቲ ኣሲሮም ሙስና ኢሎም፦ ካብ'ቶም ዝተኣሰሩ ሓደ ኣብ ግንባር ዝነበረ ሻለቃ ወልደስላሰ ዝባሃል ንእሽተይ ሓወይ፦ እዙይ ናይ ሙስና'ዶ ይመስል? ወልደስላሰሽ እንታይ ጌይሩ እዩ ሰበይቲ ምሕረተኣብከ እንታይ ጌይራያ ክትባሃል፦ ኣብ መጨረሻ ሓሙሽተ ተሪፍና። ሓሙሽተ ኣሕዋት ሓምሽይቲ ሓፍትና ትምኒት ኣብርሃ እያ፦ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣእትዮሙና፥ ክሲ ኣምፅኡ ተባሂሉ ንሓሙሽተ ሰብ ዓሰርተ ሰለስተ ክሲ ከሲሶሙና፦ ነብሲ ወከፍ ክሲ ኸዓ ካብ ሰለስተ ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ዘእስር ዓንቀፅ ተጠቒሱ፥ ተኻሪኺርና እቲ ዓሰርተ ክሲ ውድቂ ኾይኑ፦ መጨረሻ ስየ መእሰሪኡ ሙስናእዩ ተባሂሉ ዝኹሉ ዘረባ ተዘሪቡ ንስየ ብናየ ምስዳድ ውርደት ሕፍረት ስለ ዝኾናም ንኣይ ብሓደ ክሲ ጥፍኣተኛ ኢኻ ንምሕረትኣብ ብሓደ ክሲ ጥፍኣተኛ ኢኻ ንኣሰፋ ብሓደ ክሲ ጥፍኣተኛ ኢኻ ኢሎም ሓደ ሓደ መፀየቒ ቀለም ቀቢኦም ኣውፂኦሙና፦ ግን እቲ ጥፍኣተኛ ኢኻ ሓሙሽተ ዓመት ፈሪድናልካ ኣለና ዝበልሉ ክሲ ዝምልከት'ውን ክነግረካ ይኽእል'የ፦ ምፍኣም ዝባሃል ኩባንያ ኣሕዋተይ ፍስሃን ምሕረትኣብን ሰብ ዋና ዝኾንሉ ኩባንያ ዓሰርተ መኪና ገዚኡ ካብ እምቼ ብ1992 ዓ/ም፦ ሽዑ ናይ ኢትዮ ኤርትራ ኩናት ነይሩ ኣነ እንኳንዶ ናይ ምፍኣም ስራሕ ክሰርሕ ናይ ትእምት ስራሕ'ውን ኣይሰርሕን ነይረ፦ እቲ ኩናት ምስተወለዐ ናይ ትእምት ስራሕ ገዲፈ ኣብ ምምራሕ ናይቲ ኩናት'የ ኣትየ ነይረ፦ ሽዑ ይፈልጥ'የ እቲ ኩናት ምስተወለዐ ኣብቲ ዓዲ ዓቢይ ናይ መጓዓዝያ ሕፅረት ነይሩ ናይ መጓዓዝያ ሕፅረት ክፍታሕ ስለዝነበረ ምእንቲ እቲ ኩናት ተባሂሉ'ውን መንግስቲ ባዕሉ ንሰብ ሃፍቲ ኢትዮጵያውያን ልቓሕ ይሃቦም መኻይን ይዓድጉ ንግዲ ባንክ ኻዓ ነተን መኻይን ክም መትሓጃ ከም ኮላተራል ሒዙ ገንዘብ ይሃቦም ኢሉ ንንግዲ ባንክ ነጊሩ ንግዲ ባንክ መፅናዕቲ ገይሩ ልቓሕ ፈቒዱ'ዩ፦ ካፍቶም ንግዲ ባንክ መፅናዕቲ ገይሩ ልቓሕ ፈቒዱ'ዩ፦ ካፍቶም ልቓሕ ይዋሃበና ኢሎም ዘመልከቱ ብዙሓት ነጋዶ ሓደ እቲ ምፍኣም ዝተባሃለ ብኣሕዋተይ ዝተጣየሸ ኩባንያ እዩ፦ ዓሰርተ መኪና ንኽገዝእ ልቓሕ ሃቡኒ ኢልዎም ንንግዲ ባንክ ዓሰርተ መኪና ኣይፈቐድሉን፦ ሓሙሽተ መኪና ፈቒዶምሉ፦ ኣብ ኣቢሲንያ ባንኪ ከይዱ ኻዓ ንመኪና መዕደጊ ልቓሕ ሃቡኒ ኢሉዎም፦ ናይ ሓሙሽተ መኪና መግዝኢ ልቓሕ ሂቦም ዓሰርተ መኪና ንምግዛእ ዘኽእሎም ገንዘብ ካብ ንግዲ ባንክን ካብ ኣቢሲንያ ባንክን'ኺ ሂቦም። ከም ሃገሮም መኪና ንምግዛእ ምስ መርስድስ ምስ እምቼ ተደራዲሮም ዝሕሽ ዋጋ ካብ እምቼ ስለ ዝረኸቡ፦ ገዚኦም። ኣነ እንታይ'የ ተባሂለ እዞም ቆልዑ እዚኦም መኪና እንትገዝኡ እንትለው ካብ እምቼ ቅናሽ ክረኽቡ ንስኻ ኢኻ ንእምቼ ጠይቕካ ተባሂለ፦ እንቱም ሰብ ኣይኮነን እዙይ፦ ኣነ ንባዕለይ ኣብ ካሊእ ስራሕ'የ ነይረ፦ ከም ሃገሮም ተደራዲሮም ዓዲጎም ክኾኑ ይኽእሉ ኣነ ብዛዕባ'ዚ ዝፈልጦ የለን ኢለዮም ማስረጃ እንተልይኩም ኣምፅኡለይ ኢለዮም፦ ሓሶት እዩ ኣነ ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ዝኣቱ ሰብ ኣይኮንኩን ሽዑ ኣብ ናይ ዓዲ ጉዳይ'የ ዝነበርኩ ሽዑ ኢለዮም፦ ማስረጃ ኣየምፅኡን ስየ ጠይቑ ቅናሽ ሂብና ስለዝጠየቐና ዝብል ሓንቲ ማስረጃ የለን። ግን ኣርከበን ፀሃየ ነጋሽን ምፍኣም መኪና እንትገዝእ እንተሎ ቅናሽ ሃብ ኢልኩም ጠይቑለይ ኢልካዮም ኢኻ ኢሎም ብዝብል ዳያኑ ጥፍኣተኛ ኢሎም ሓሙሽተ ዓመት ፈሪደሙለይ ኣርከበ ዕቑባይን ፀሃየ ነጋሽን መሰኻኽር ናይ መንግስቲ ኮይኖም መፂኦም'ዮም ካሊእ ሓቂ ዘይኮነ መስኪሮም'ዮም፦ ኣብቲ ሕዚ ጥፍኣተኛ ተባሂለሉ ዘለኹ ሓሙሽተ ዓመት ተፈሪዱካ ዝተባሃልኩሉ ነገር ኣርከበ ይኹን ፀሃየ ነጋሽ እዙይ መልእኽቲ እዙይ ኣብፅሑ ተባሂልና ኢሎም ኣይመስከሩን እዙይ ኣብ ሪከርድ ዘሎ እዩ ገና ኽማጎተሉ'የ፦ ኣብ ቴፕ ዘሎ ኣብ ናይ ፍርድ ቤት ሰነድ ካብ ቴፕ ተቐዲሑ ዝወፀ ኣብ ኢደይ ኣሎ ኣብ'ዛ ናይ ምፍኣም ትምልከት ከምዚ ዝበለ ምስክርነት ኣይሃቡን ዘይተዋሃበ ዘይሰማዕኽዎ ምስክርነት ተመስኪሩካ ኢኻ ኢሎም ሓሙሽተ ዓመት ፈሪድናልካ ኢሎም። ስለዚ ንባዕሉ እቲ ክሲ ሕሶት እዩ ሕሶት እዩ ኢለ'ውን ጠጠው ኣይበልኩን ስርዓት ሕጊ ኣኽቢረ ተጓጕተ ግን ንዓይ ብናየ ክሰዱ ስለ ዘይደለዩ ዘይኮነ ቐለም ቀቢኦም ዘይተመስከረ ምስክርነት ኣብ ዘይቦትኡ ኣእትዮም ጥፍኣተኛ ኢኻ ኢሎሙኒ ኣለዉ። ብሙስና እንተዝነብር እቲ ዕላማ ሙስና ንምቅላስ እንተዝኸውን ከምቲ መጀመርያ ዝሓተትክዎ ናይ ኩልና ገዛ ይጎርጎር እንትብል እንተለኹ ሕራይ ይጎርጎር ምበሉ ነይሮም፦ እቲ ሽግር ሙስና ከምዘይኮነ ይፈልጥ'የ እቲ ሽግር ምስ ኩናት ኢትዮ-ኤርትራ ዝተትሓዘ እዩ፦ ኣፍቲ ከይዲ ናይቲ ኩናት ዒላማ እንታይ ይኹን ናይቲ ኩናት ስትራተጂ እንታይ ይኹን ኣብ ዝብል ኣፈላላያት እናተፈጠሩ እናተጋፍሑ ከይዶም። መጨረሽኡ ኻዓ ኣባና ዝተፈፀመ ኣብ ልዕሌና ኣብ ልዕሊ ሃገርና ዝተፈፀመ ኩናት ዕላምኡን ስትራተጅኡን እንትንሕንፅፅ እንተለና መበገሲና ናይ ሃገርና ጥቕሚ ናይ ሃገርና ሉኣላውነት ድዩ ክኸውን ዘለዎ ወይስ ናይ ካልኦት ግዳማውያን ሓይልታት ፖሊሲ'ዩ ክኸውን ዘለዎ ኣብዝ ብል ኣፈላላይ ተፈጢሩ፦ ምእራሙ ዘይካኣል ምስኮነ እዙይ ሙስና ዝባሃል ሽፋን ኣምፂኻ ነቲ ትፈርሖ ተቓዋሚ ኣሲርካ ኮፍ ምባልን ምድያንን ከም እስትራተጂ ተወሲዱ፦

*ደሃይ፦ ሕዚ ናቶም ምፍታሕን ናይ ቅንጅት መራሕትን ተገጣጢሙ እዩ፦ እዙይ ናይ ግዜ ኣጋጣሚ'ዚ ዝተፈላለየ ርእይቶ ኣሰዒቡ እዩ፦ ማለት ኩሎም ምፍትሖም ኣብ ሃገርና ሃገራዊ ዕርቂ ዝፈጥርን ናይ ምክእኣል ባህሊ፥ ፖለቲካዊ ምክእኣል ንኽህሉ ዝገብር ፅቡቕ ስጉምቲ እዩ ይባሃል ኣሎ፦ ኣብዚ ዘለዎም ርኢቶ እንታይ እዩ?*

ኣይተ ስየ፦ ዌል፦ ኣነ ቅድሚ ሽድሽተ ዓመት'የ ተኣሲረ፦ ቅንጅት 98 እዩም ተኣሲሮም፦

→


034-4415483/091-4745250/091-1634375 E-Mail:neyatna@dehaytigray.com website: www.dehaytigray.com

ኣነ ዘጥፉእኽዎ ነገር እንተዘይሃለወ'ውን ነቲ ሕጊ ኣኽቢረ ተኸራኺረ እየ። ግን ብእዋኑ ፍትሒ ተኸልኪለ ዝፀናሕኹ ሰብ'የ ተኸላኺል ኢሎሙኒ ምንም ጥፍኣት ብዘይብሉ ሕራይ ክከላኸል ኢለ ማስረጃ ምስ ኣቕረብኩሎም ክሳብ 97 ምርጫ ዝሓልፍ ዳኛ ኣይተማለእንእናበሉ ክልተ ዓመት ሙሉእ ዓፅዩምኒ ፀኒሖም'ዩም፦ ኣነ ብእዋኑ ፍትሒ እንተዝህቡኒ ቀደም ምተፈታሕኹ ነይረ፦ ምርጫ 97 ምስተወደአ'ዩም ድሕሪ ክልተ ዓመት ምዕፃው'ዩም 98 እንደገና ችሎት ተሰይሙ ኢሎም ናትና ጉዳይ ክሪኡ ዝጀመሩ፦ ናትና ጉዳይ ክሪኡ ምስጀመሩ ማስረጃታትና ኣቕሪብናክርክርና ታሕሳስ 99 ኢና ወዲእና ተፈቲሐ ዘለኹ ሓምለ ሰለስተ እዩ፦ ካብ ታሕሳስ ክሳብ ሓምለ ዘሎ ግዘ ናብ ሸውዓተ ወርሒ ናብ ሽዱሽተ ወርሒ እዩ። ምናልባት ነቲ ጉዳይ ክውድእዎ እንተዝደልዩ የካቲት መጋቢት ምወድእዎ ነይሮም። ግን ብቖፀራ - ብቖፀራ ክሳብ ሓምለ ኣፅኒሖሞ፦ ኣነ ፍ/ቤት ክቸርብ እንተለኹ ሓምለ ኣብ ሞንጎ ቅንጅትን ኣብ ሞንጎ እቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ፓርትን ድርድር ይካየድ ከምዘሎ ከምዝተወደአ'ውን ይፈልጥ ነረ፦ ንሶም ክፍትሑ ምኻኖም ይሰምዕ ነይረ። ስለዝኾነ እቲ ናተይ ምፍታሕ ብቕሩብ መዓልታት ቅድም ኢሉ፦ ናይ ቅንጅት ምፍታሕ ኻዓ ስዒቡ ናይ ባዕሉ ኣፈላላይ ዘለዎ ናይ ባዕሉ ታሪኽ ዘለዎ ክልተ ጉዳያት ግን ኣብመዛዘሚኡ ከምዚ ኢሉ እንትገጣጠም እንተሎ ኣነ ኣጋጣሚ ኣይመስለንን። ክፍታሕ ዝነበረኒ ብዘይ ሓደ ጥፍኣት ዝተኣሰርኩ ሰብየ። ክፍታሕ ዝነበረኒ ሰብ ምኻነይ ሓደ ነገር ኮይኑ ግን ክሳብ ሎሚ ምዕንሑ. ግን ኣብዛ መጨረሻ ሓምለ ወርሒ ምፍተሐይ ግን ኣጋጣሚ ኣይመስለንን ካሊእ ምስኡ ተኣሳሲሩ ክርእ ዘለዎ ምሳይ ኣብ ክርክር ሰለስተ ኣሕዋት ኢና ኔርና፦ ሓወይ ምሕረትኣብ ምሳይ ተፈቲሑ ኣሎ። ሓወይ ኣሰፋ ኣብርሃ ትሸዓተ ዓመት ፈሪድናልካ ኢሎምዎ ናቱ ፍርዱ'ውን ከምቲ ናተይ ብዙሕ ስንክሳር ዘለዎ'ዩ፦ ብናይ ጠቕላይ ሚኒስተር ፊርማ ይሸየጥ ዝተባሃለ ናይ መንግስቲ ትካላት ብዘይ ናይ መንግስቲ ፍቓድ ክሸየጥ ወሲንካ ኢሎም'ዩም ፈሪዶም። ግን ካኣ መረዳእታታት ኣቕሪብሎም እዩ፦ ናይ ጠቅላይ ሚኒስትር ቤት/ፅ ሽጡ ኢሉ ዝወሰኖ ናይ ጠላይሚኒስት ቤት/ፅ ማሕተም ዘለዎ ወረቐት ሂብዎም እንዳሃለወ ብናዓ ምስዳድ ንባዕሎም ከዋርዶም ምኻኑ ስለዝፈለጡ ኣጥፊእኻ ኢኻ ኢሎም ፈሪዶምሉ። ትሸዓተ ዓመት ዝተፈረዶ ሰብ እቲ ክልተ ሲሶ እንድሕር ተኣሲሩ ብኣመክሮ ይፍታሕ እዩ፦ እዙይ ንማንም ዜጋ ዝዋሃብ እዩ፦ ፍርዲ ክወሀ ብእን ተሎ ንሕና ልዕሊ ሽድሽተ ዓመት ተኣሲርና ኔርና ኢና። ዘይፍትሓውነት ናይቲ ፍርዲ ከምዘለዎ ኾይኑ ሽዱሽተ ዓመት ተኣሲረ ኣለኹሞ እቲ ንኻሊእ ዜጋ ዝዋሃቦ መሰል ናይ ኣመክሮ ይዋሃበኒ ኢሉ ሓቲቱ። ቅድሚ ቅንጅት ምፍተሖም እዩ ሓቲቱ። ክሳብ ሎሚ ኣይተፈትሐን ዘሎ መልሲ ኣይረኸበን ቅንጅት እቶም ናይ መጀመሪያ ጥራሕ ዘይኮነስ ቅንጅት እቶም ዳሕረዎት እውን ተፈቲሖም ኣለው ብድሕሪኡ። ስለዚ እቲ ናተይ ምፍታሕ'ውን ይኹን እቲ ናተይ ምእሳር እቲ ናተይ ምፍታሕ ይኹን ናይ ሓወይ ዘይምፍታሕ ናይ ባዕሉ ፖለቲካዊ ምኽንያት ዘለዎ ጌርየ ዝወስዶ።

***ደሃይ፦*** *ድሕሪ ሽዱሽተ ዓመት ካብ ቤት ማእሰርቲ ወፂእም ኣለውኹ እቲ ናይ ሃገር ኩነታት ከመይ ተዓዚቦሞ፥ ማለት እዛ ሃገር ብፖለቲካ ብኢኮኖሚ ምዕባለታትን ዓለም ለኸ ርክባትን ዘርእየቶ ለውጢ ከመይ ይግምግምዎ?*

ኣይተ ስየ፦ መቸም ኣነ እንትእሰር እንተለኹ እዛ ሃገር ኣብ ኩናት ኔራ። ኢትዮ-ኤርትራ ኩናት ኔይሩ። ኩናት ጠጠው ይበል ተባሂሉ ጋእ ኢሉ፦። ፅንሕ ኢሉ ናይ ህውሓት ምክፍፋል ተፈጢሩ ድሕሪኡ ዝስዓበ ህውከትን ሽግርን ንፈልጦ ኢና፤ ሚያዝያ 93 ኣብ ስድስት ኪሎ ዝኾነ፥ ኣብ ውሸጡና ኣብ ሞንጎ መራሕቲ ዝበፅሐ ጎስቆልቆል ኣብ ህዝቢ ትግራይ ዝበፅሐ ሐዘንን ሕረትን ንፈልጦ - ኣብ ጋምቤላ ኣብ ኣዋሳ ኣብ ቴፒ ዝበፅሐ ደም ምፍሳስ'ውን መጺኡ፦ ምርጫ 97 ኣብቲ ገዛኢ ፓርቲ ዝፈጠሮ ደንጋፀን ዘስዓቦመ ማእሰርትን ሞትን ሰሚዕና። ናይ ሶማሊያ ዝባሃል ዘረባ መፂኡ። ናይ ኢትዮጵያ ሰራዊት ኣብ ሶማሊያ ብዓቕሙ ናይ ባግዳድ ዓይነት ውግእ የካይድ ኣሎ፦ እቲ ናይ ሶማሊያ ሊሑኹስ ናይ ኦጋዴን ሽግር'ውን ተባሪዑ ይባሃል ኣሎ ዓለም ለኸ ትካላት ብዛዕብኡ ምዝራብ ጀሚሮም'ለው፦ ካልኣይ ዳርፉር ኣብ ኢትዮጵያ ዶኾን ይፍጠር ዝብል ስግኣትን ፍርሕን'ውን ይፍጠር ኣሎ፦ ስለዚ እቲ ሽግራት እናዓሞቐ እናገፍሐ ዝያዳ'ውን እናተሓላለኸ ንምፍትሑ'ውን ኣሸጋሪ ዝኾነ ኩነታት ከምዘሎ'የ ዝርኢ ዘለኹ ዘፍርሕ ዘሕስብ፥ ንኹልና ድቃስ ዝኸልእ ኩነታት ከምዘሎ'የ ዝሪኢ ዘለኹ።

***ደሃይ፦*** *ሕዚ እዞም ፀገማት'ዚኦም ከምዘለው ጠቒሶም ኣለው፦ መፍትሒኦም እንታይ እዩ ቀዓሊ ኩነታት እዛ ሃገርከ ከመይ ክኸውን ኣለዎ ይብሉ?*

ኣይተ ስየ፦ ዌል ኣነ እቲ ናይ ኢትዮጵያ ፖለቲካዊ ሽግራት ክቃናዕ ክዕረ ኣለዎ ዝብል እምነት ኣለኒ። ክቃናዕ እንተዳኣ ኾይኑ እቲ ጉዳይ ናይ ኩልና ምኻኑ ማንም ሰብ ክርዳእ ኣለዎ፦ እቲ ሽግር ቅንጅት በይኑ ኣይፈትሖ፥ ኢህኣዴግ በይኑ ኣይፈትሖ፥ ኦነግ በይኑ ኣይፈትሖን፥ ዝኾነ ሓደ ፖለቲካዊ ውድብ ወይ ጉጅለ ናይ ፖለቲካ ውድባት በይኑ ክፈትሖ ኣይኸእልን። እቲ ሽግር ናይ ትግራይ በይንትና ኣይኮነን ናይ ኣምሓራ ኣይኮነን ናይ ኦሮሞ ኣይኮነን ናይ ጋምቤላ ወይ ናይ ሶማል.የ ጥራሕ ኣይኮነን። እቲ ሽግር ናይ ኩልና ኢትዮጵያውያን ሽግር እዩ፦ ስለዚ ብሄር ፈሊኻ ሓደ ኣግሊልካ ንሓደ ሓዊስካ ንሓደ ፀሪፍካ ንሓደ ኣመስጊንካ ንሓደ ረጊምካ ንሓደ መሪቕካ ናይ ሓደ ወገን ደጋፊ ናይ ሓዲኡ ፈታዊ ኮይንካ ዝፍታሕ ኣይኮነን። እቲ ሽግር ናይ ኩሎም ኢትዮጵያውያን ሽግር ናይ ኩሎም ብሄረሰባት ሽግር ናይ ኩሎም ፖለቲከኛታት ናይ ኩሎም ፖለቲካዊ ፓርትታት ሽግር እዩ፦ ስለዚ ንሓደ ኣእቲኻ ንሓደ እንተየውፃእኻ ንሓደ ኣግሊልካ ንሓደ እንተይእተኻ ኩሉ ባዓል ጉዳይ እዩ ኩሉ ይምልከቶ እዩ ባዓል ውራይ እዩ ኢልካ ልቢ ኣዕቢኻ ኢህን ምሂን ኢልካ ነፃ መድረኽ ከፊትካ ነፃ ምይይጥ ከፊትካ እዩ ክፍታሕ ዘለዎ። እቲ ገዛኢ ፓርቲ ነዚይ በይኑ ክፈትሖ ዓቕሚ የብሉን፦ ክፍታሕ እንድሕር ዳኣ ደልዩ ንኹሉ ሓዊስካ ኢህን ሚህን ተባሃሂልካ ብሕውነትን ብዕርቅን መንፈስ እዩ ክረአ ዘለዎ ዝብል እምነት ኣለኒ። እዙይ ናይ ሓደ ብዐቢብ ናይ ሓደ ፓርቲ ኣጀንዳ ዓይኒ ክረአ የብሉን። ከም ፖለቲከኛታት ፖለቲካ ስራሕ ንክንሰርሕ ፖለቲካ ፃውቲ ንኸንፃወት ኩዕሶ ሜዳ የድልየና እዩ፦ መፃወቲ ሜዳ የድልየና'ዩ፦ ሃገር የድልየና እዩ፦ ሰላም የድልየና እዩ ንኹልና ዘሰማምዕ፦ ሃገር እንተይሓዝካ ናይ ፖለቲካ ፀዋታ ምዕዋት ኣይካኣልን፦ ስለዚ እቲ ጉዳይ ሕዚ ናይ ሓደ ፖለቲካዊ ፓርቲ ጉዳይ ኣይኮነን ናይ ሃገር ህልውና ጉዳይ እዩ፦ ናይ ህዝቢ ደሕንነት ናይ ህዝቢ ሰላም ናይ ህዝብታት ዕርቅን ሕውነትን ጉዳይ እዩ፦ ስለዚ ክርእ ዘለዎ በዚ መንፈስ'ዚ እዩ፦ብዚ ዓይን'ዚ ሪኢና ኩሉ ዓቕምና ኣታሓባቢርና ብሕውነት መንፈስ እዩ ክርእ ዘለዎ ዝብል እምነት ኣለኒ። እንተዘየሎ እእምባኻ ሒዝካ ጭቃ እናተላጠፍካ እናተታኾስካ እናተሳጎድካ እሰሮ ፍታሐዬ ኣበይዳኖኻ መንዳኖኻ ኣበይ ዝነበርካ ኢኻ እናበልካ →

ኣይፍታሕን።

**ደሃይ፦** *ምርጫ 97 ዓ/ም ኣብ ተጋሩ ምድንጋፅ ፈጢሩ ነይሩ ብፍላይ ብሓደ ወገን ተቓወምቲ ኮይኖም ዝተሰለፉ ከምኒ ባዓል ቅንጅት ዘካይድዎ ዝነበሩ ናይ መረፃ ወፍሪ ንትግራዋይ ፍሉይ ሓለፉ ዝረኸበ ጌርካ ምቑፃር ስለዚ ንትግራዋይ ኣብቲ ኻሊእ ብሄር ናይ ኢትዮጵያ ተጠርጣሪ ክኸውን ነዚ ተጠቒምካ ናብ ስልጣን ንምድያብ ዘንፀባርቑ ዝንባለታት ዝተረኣይሉ ነይሩ፦ ኣብ ተጋሩውን ብዙሕ ሕርቃን ፈጢሩ ነይሩ፦ እስኪ ብዛዕባ እዚ ዘለዎም ሪኢቶ?*

ኣይተ ስዩ፦ እቲ ምርጫ እንትካየድ እንተሎ ኣነ ኣብ ቤት ማእሰርቲ እየ ነይረ፦ ስለዚ ኣነ ብዛዕባ እቲ ዝነበረ ኩነታት ምሉእ ፍልጠት ኣለኒ ኣይብልን። ኣነ ምናልባት ብዝሕሸ ዝፈልጦ ዝብል እቲ ብቴሌቭዥንን ብሬድዮን ዝማሓላለፍ ዝነበረ ክትዓት እዩ። ኣብ ታሕቲ ፈቖዶ ቐበሌ ፈቐዶ ክልላት ዝዝረብ ዝነበረ ነገራት ኣይሰማዕኽዎን። ኣብቲ ዕርግያታት ዝዝረብ ዝነበረ ዘረባ ዝብተን ዝነበረ ነገራት ኣይሰማዕኹን እንታይ ይመስል ከምዝነበረ ዳሓር'የ ቅሩብ ግንዛበ እንዳሓዝኩ ክይደ፥ ኣብዚ ጉዳይ እዚ ኣነ እገለ ጉድለት ገይሩ እገለ ጥፍኣት ገይሩ ኢለ ንሓደ ጥፍኣተኛ ገይረ ንሓደ ነፃ ክገብር ኣይደልን፦ ኣይካኣልን'ውን፦ እቱ ናይ ብሄር ናይ ዓሌት'ውን ዝመስል ፖለቲካ ብቐደሙ'ውን ረሳሕ ፖለቲካ እዩ፦ ነገር ናብኡ እናወረደ እንተኸይዱ እናተባላሸወ እናቐጠነ እናረስሐ ክምዝኸይድ ምግማት ዝካኣል እዩ ነይሩ- ስለዚ እቲ ምርጫ ብሓደ ወገን ዕቡቕ መዳይ ነይርዎ ዕቡቕ ገፅታ ነይርዎ ኩሎም ሓሳባት መድረኽ እንትረኽቡ ህዝቢ እንትፈልጦም እንተሎ ህዝቢ መን መንዩ ክፈልጥ ዕድል ይረክብ እዩ። ኩሎም ሓሳባት ከምኡ ዝበለ ዕድል ክረኽቡ ኣለዎም ዝብል እምነት ኣለኒ ኣነ፦ ኩሉ ዝረኣዩ ንህዝቢ የቕርብ እሞ ህዝቢ ይፍረድ ምባል እዩ እቲ ትኽክለኛ ነገር ነዚ ናይ'ዛ ሃገር ሽግር ዝፈትሕ ብሕታዊ መንገዲ'ዩ ዝብል እምነት ኣለኒ፦ እንተዘየሎ እንድሕር እስኻ እዙይ ኢኻ እስኻ እዙይ ኢኻ እናበልካ ታቤላ እናለጠፍካ ምግላል ሃልዩ እቱ ኣፈላላይ ትሕቲ ባይታ ይኣቱ። ናብ ዓመፅ ይኸይድ እታ ዓዲ ዝኸፍአ ዋጋ ትኸፍለሉ ኩሉ ሓሳባት ይሰማዕ ህዝቢ ይፍረድ እንተተባሂሉ ግን እንተነኣሰ እቲ ጭቕጭቕ እቲ ኣፈላላይ ናይ ኣፍን ናይ ቢሮን ናይ ቴሌቭዥንን ናይ ሬድዮን ናይ ምርጫን ይኸውን፦ እቲ ፖለቲካ ካብ ጠበንጃን ካብ ቦንቧን ይላቐቕ ማለት እዩ። ስለዚ ሽግራት እንተነበርዎ'ውን እዙይ ናይ 97 ፖለቲካ ምስቲ ኻሊእ መማረፂ ኢኻ ክትሪኦ ዘለካ፦ ኦጋዴን ነፃ ኣውጪ ኮይንካ ጠበንጃ ዓጢቕካ ምውጋእዶ ይሕይሽ ወይ ኦነግ ኮይንካ ጠበንጃ ዓጢቕካ ምውጋእ ዶ ይሕይሽ ወይስ ቅንጅት ወይ ህብረት ኮይንካ ኣብ ኣደባባይ ምምጓት ይሓይሽ መኒኡ ይሓይሽ እዙይ ክርኣ ዘለዎ። ኣነ ኽምዚ'ሉ እቲ ፖለቲካ ናብ ረስኒ እናደየበ እናወረደ እናደየበ ኸይዱ ኸይዱ ብመሰርሕ እናፀረየ ምስክደ እናበሰለ ምስክደ ግን እቲ ህዝቢ'ውን ተሞክሮ እናረኸበ ምስክደ ግን ቀስ እናበለ ልክዑ ክሕዝ እዩ ዝብል እምነት ኣለኒ። ከምዚ ዝበለ ልዕል ትሕት ዝብል ናይ ሙቐት ምድያብን ምውራድን እንተይሓለፈ ኩሉ ፖለቲካ ክዕረ ኣይኽእልን፦ እዙይ ክዳናግፀና ዘለዎ ኣይመስለንን። ምስቲ ኻሊእ መማረፂ ኢና ክንሪኦ ክነወዳድሮ ዘለና፦ ONLF ኮይንካ ፈንጂ ምቕባር OLF ኮይንካ ኩናት ዶ ይሓይሽ ኦነግ ኮይንካ ኣብ በረኻ ምኻድ ዶ ይሓይሽ ወይስ ኦብኮ ኮይንካ ህብረት ኮይንካ ቅንጅት ኮይንካ ኣብ መድረኽ ምምጓእ ይሓይሽ መን'ዩ ዝሕሸና ዝብል ክነመዛዝን ዘለና እዩ ዝመስለኒ፦ ምኽንያቱ ኣብዚ እቲ ነገር ኣብ ሰላማዊ መጋባእያ እንድሕር ሒዝካዮ እቲ ሙቐት እንተረሰነ እንተዘሓለ'ውን ውዒሉ ሓዲሩ ግን ልክዑ ምሓዙ ኣይተርፍን፦ ኣብ ሞንጎ ዋጋታት ክህልዎ እዩ እዚ ዋጋታት እዙይ ግን፦ ምስቲ ካሊእ ሕማቕ መማረፂ ናይ ኩናት መማረፂ ክትሪኦ እንተለኻ ክሕለፍ ዝኽእል እዩ ውዒሉ ሓዲሩ ውሃ ልኩ እናረኸበ ክኸይድ ዝኽእል እዩ። ውሃ ልክ ዝባሃል ናይ ኣምሓርኛ መሳርሒ ኣሎ በዙይ ኢና ክንሪኦ ዘለና ዝመስለኒ ሓደ እዙይ'ዩ። ካሊእ ርግፅ እቲ ሽዑ ዝነበረ ጭቃ ምዕያቕ ረሳሕ ናይ ዓሌትን ብሄር ምስ ብሄር ዘናቑት ፖለቲካ ንማንም ሰብ ኣይጠቅምን ን ኢ ህ ወ ደ ግ ' ው ን ኣይጠቕሞ ንቕንጅት'ውን ኣይጠቕሞ ንኦነግ ኣይጠቕሞ ንህብረት ኣይጠቕሞ በዙይ ዝጥቀም ፓርቲ የለን በዙይ ዝጥቀም ህዝቢ'ውን የለን፦ በዙይ ሕማቕ ፖለቲካ ትግራዋይ ጥራሕ ኣይኮነን ዝጉዳእ ሃገር ሙሉእ'ዩ ዝጉዳእ። ሓደ እዛ ዓዲ'ዚኣ ንኹልና እትጥዕም ዓዲ ከመይ ትኹን ኢልና ኢና ክንዛረብ ዘለና እምበር ንሓደ ኣግሊልካ ንሓደ ጓና ጌርካ ንሓደ ኣደንጊፅካ ኣፈራሪሕካ ሃገር ናይ ኩልና ክትከውን ኣይትኽእልን ታሪኽ ምርኣይ የድሊ ዝተፈላለየ ኣመፃፅኣ ክህልወና ይኽእል እዩ ግን ኣብ ሓደ ዓዲ ኣለና፦ ወለድና ኣብ ሓንቲ ዓዲ ጠሚሮምና ኸይዶም ኣለው፦ ድሕሪ ገዲም ነዛ ዓዲ እዚኣ ከመይ ጌርና ንኹልና ትኸውን ዓዲ ንግበራ ዝብል ሕቶ ኢና ክንርኢ ዘለና፦ ብፍላይ ካዓ ኣነ ንትግራዋይ ብዝምልከት እንተተዛረብኩ ዕቡቕ ይመስለኒ፦ ንሕና ተጋሩ ኢትዮጵያውያን ኢና ነዛ ኢትዮጵያ ትባሃል ዓዲ ታሪኻ - ፈደላ፥ ቅርሳ ቅርፃ ዜማኣ ምንጭታቱ ኣበይ ከምዝኾነ ንፈልጥ ኢና። ስለዚ ንሕና ኣብ ናይ ኢትዮጵያ ጉዳይ ደቂ ወሰን ኮይንና እንርኢ ሰባት ክንከውን ኣይንኽእልን ወለድና'ውን ከምኡ ኣይነበሩን፦ ኢትዮጵያ ዓድና እያ ወለድና ደሞም ኣፍሲሶም ኣስተዋፅኦ ዝገበሩላ ዓዲያ። እዚ ናይ ኢትዮጵያ ፖለቲካ እንትበላሾ እንተሎ'ውን ኣብ ወሰን ኮይንና ደኀል ደጉልና ሓፁር ክሊልና ዝመፀ ይምፃእ ኢልና ኢ.ድና ነውፅእ ሰባት ኣይኮናን ክንኸውን'ውን ኣይንኽእልን። ኢትዮጵያ እንትትሓምቕ እንተላ ከም ሃገርና ምስቶም ካልኦት ኢትዮጵያውያን ወገናትና ኣብ ማእኸል ኣብ ሕምብርቲ ናይቲ ጉዳይ ጠጠው ኢልና ምስ ሃገርና ምስ ኣሕዋትና ኢትዮጵያውያን ንዑ ንዕሪ ኢልና ክንቃለስ ዘለና ሰባት ኢና፦ ደቂ ወሰን ክንከውን ኣይንኽእልን ሓፁር ፈሊና ደጎል ደጉልና'ውን ኣማዕዲና ክንሪኢ ኣይንኽእልን። ንሕና ዕድልና ምስ ኢትዮጵያ እዩ፦ ምስታ ዓባይ ኢትዮጵያ እዩ፦ ኣይንፍራሕ፥ ምስ ሃገርና ኸይንና ኣፍቲ ሕምብርቲ ኣፍቱ ዋና ጉዳይ ኣቲና ነዕሪ ብድፍረት ብሙሉእ ዓርሰ ምትእምማን ክነዕሪ ኣለና፦ ካልኣት ክዕርዩልና ንሕና ፀግዒ ሒዝና ንሕና ንባዕልና ኣግሊልና ክንወፅእ ኣይንኽእልን። እንጀራና ዕድልና ተስፉና ኢትዮጵያ እዩ። ደፊእም ክርሕቑና ከውፅኡና ዝደልዩ እንተልዩም እውን መን ኢኹም ንስኹም፦ መን ምኻንኩም ኢኹም መን'ዩ ንመን ዘውፅኦ ናይ መን ምስኮነ እዩ እዚ ዓዲ'ዚ ኢልና ሰብ ጉዳይ ሰብ ውራይ ምኻንና ብሙሉእ ዓርሰ እምነት ክነዕሪ ኣለና፦ ንተጋሩ ዘይትኸውን ኢትዮጵያ ንኣምሓራ ኣይትኸውን ንኦሮሞ ኣይትኸውን ንሶማል ኣይትኸውን ንሲዳማ ኣይትኸውን ንማንም ሰብ ኣይትኸውንን፦ ንኦሮሞ ዘይትኸውን ኢትዮጵያ ኻዓ ንተጋሩ ኣይትኸውን ንሶማልያ ኣይትኸውን ንኣምሓራ ኣይትኸውን ዕድልና ዝተኣሳሰረ ምኻኑ ክንፈልጥ ኣለና ኩልና፦ ሓደ ሓደ ኣብ ክይዲ ምስ ሰባት ከውግዕ እንተለኹ ዝተረዳእኽዎ ነገር ኣሎ፦ ንሕና ተጠመቲ ኮይንና ኢና ወይ ካዓ ውሑዳት ኢና ስለ'ዚ ብምርጫ እንተመፂኡ እቶም ካልኦት ብኸፉእ ዓይኒ

ናብ ገፅ 12 ይዘውር

# ህዝቢ ትግራይ ኣብ ፖለቲካዊ...

ካብ ገፅ 4 ዝዞረ

ዝሪኡና ዘለው ክስዕሩ እዩምን ንሕና ኣብ ሓደጋ ክንወድቕ ኢና ዝብል ዘረባ ኣሎ፦ እዙይ ዝመፅእ ዘሎ ንባዕልና ኣብ ወሰን ነቐምጥ ስለዘለና እዩ፦ ኣፍቲ ሕምብርቲ ኣፍቲ ዋና መጋባእያ ከም ዓቢይ ተዋሳኢ ጌርና ንባዕልና ዘይንቕፅር ስለዘለና እዩ ንባዕልና ከምደቂ ወሰን ጌርና ንርኢ ስለዘለና እዩ፦ ግን ኢትዮጵያ ናይ ንኡሳን ብሄረ ሰባት ሃገርያ ኢትዮጵያ ናይ ኣናእሽቱ ብሄራት ዓዲያ፦ እቲ ዝበዝሐ ኢትዮጵያ ናይ ወዲ ኣናእሽቲ ብሄራት ብሄረሰባት እዩ ምናልባት ኣብ ኢትዮጵያ ልዕሊ 10 ሚልዮን በዝሒ ዘለዎም ብሄራት ብሄረሰባት እንድሕር ኣልዮም ክልተ ወይ ኣምሓራ ብሄር እዩ ወይ ኦሮሞ ብሄር እዩ ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ'ዚ ዘበን'ዚ ናይ ኢትዮጵያ ፖለቲካ ክዕሪ እንተዳእ ኾይኑ ናይ ነብሲ ወከፍ ህዝቢ ብሄር ብሄረሰብ ጥቕምን ክብረትን ክሕሎ ኣለዎ ማንም ሓይሊ ነዚ ኹሉ ብሄር ብሄረሰብ እዙይ ፀዊጡ ንኢትዮጵያ ሰላም ክምፅእ ይኽእል'የ ኢሉ ክሓልም ዝኽእል ኣይመስለንን፦ ምኽንያቱ ኢትዮጵያ ናይ ብዙሓት ብሄር ብሄረ ሰባት ናይ ብዙሓት ኣናእሽቲ ብሄራትን ብሄረ ሰባትን ሃገርያ፦ እቶም ኣብዝሓ "ማጆሪቲ" እዚኦም እዩም። ነዚኦም ዘይኸውን ነዚኦም ዘፍርሕ ፖለቲካ ነዚኦም ዘሰግእ ፖለቲካ ክዕብልለና ዶኾን ክጭፍልቐናዶ'ኾን ዝብል ስምዒትን ጥርጣረን ዘሕድር ፖለቲካ ኣብ ኢትዮጵያ ድሕሪ ገዲም ቦታ የብሉን፦ ክሰርሕ ኣይኽእልን። በዙይ ማንም ኢትዮጵያ ኣብ ዴሞክራሲ ተጠቃሚ እዩ ካብ ዲሞክራሲ ወፃኢ ዋላ ብዙሕ'የ ዝብል ብሄር ካብ ዴሞክራርሲ ወፃኢ ኣነ ክነብር'የ ክገዝእ'የ ድላየይ ገይረ ክሓድር'የ ዝብል እንድሕር ሃልዩ ተጋግዩ እዩ ተጋጊይዩ እዩ፦ ንሽግር ንህውከት ሃገር ብዙሕ ምኽንያት ኣየድልን፦ ስለዚ ብናይ ኢትዮጵያ ዴሞክራታይዜሽን ዝፈርሕ ማንም ህዝቢ ክህሊ የብሉን፦ የግዳስ ኩልና ኣምሓራ ይኹን ኦሮሞ ይኹን ሲዳማ ይኹን ትግራዋይ ይኹን ንባዕልና ደቂ ወሰን እንተይገበርና ኣብ ሰላም ናይ'ዛ ዓዲ እዚኣ ኣብ ዲሞክራሲ ናይዛ ዓዲ እዚኣ ኣብ ልምዓት ናይዛ ሃገር እዚኣ ሰብ ውራይ ምኻንና ዝምልከተና ምኻኑ ተቐቢልና ሓቢርና ክንዕርያ ኢና ክንቃለስ ዘለና ካሊእ መገዲ የለን፦ ካሊእ መገዲ ኣይሰርሕን፦ ትግራዋይ'ውን በዚ መንፈስዚ በዚ እምነት እዙይ ኣፍቲ ዋና መጋባእያ ናይታ ሃገር ይምልከተኒ እዩ ባዓል ውራይ እየ ኢሉ ብሙሉእ ድፍረት ብሙሉእ ዓርሰ እምነት ክዋሳእ ኣለዎ ዝብል እምነት እዩ ዘለኒ ክፈርሕን ክግለልን ኣለዎ ዝብል እምነት የብለይን።

**ደሃይ፦** *ህወሓት ንኽልተ ብምኽፋሉ ሓድነት ተጋሩ ተዳኺሙ እዩ ዝብል ብሰፊሑ እዩ ዝዝረብ ኣብ ወፃኢ ይኹን ኣብ ውሽጢ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ ስለዚ ንሶም ከም ኣመራርሓ ህወሓት ምንባርዎም፥ ነቲ ቓልሲ ካብ ዝመርሑ ሰባት ሓደ ብምኻንዎም፥ ናይ ህዝቢ ትግራይ ታሪኽውን ዝያዳ ዝፈልጡ ብምኻንዎም ናይዚ ኣራእያ መንቀሊ እንታይ እዩ ይብሉ? ብሓቂ ሽ ተዳኺሙ ድዩ?*

ኣይተ ስየ፦ ኣነ ናይ ህዝቢ ትግራይ ሓድነት ላሕሊሑ እዩ ዝብል ትኽክለኛ እዩ ዝመስለኒ፥ ዝላሕለሐ ግን ኣብ ምንታይ እዩ እቲ ምልሕላሕ ተራእዩ ዘሎ ግን ምፍላጡ ኣድላይ ይመስለኒ። ኣነ ዝተወለድክሉ ዓዲ ተምቤን ይባሃል፦ ግን ኣነ ትግራዋይ እየ፥ ትግራዋይ ብምኻነይ ወዲ ሽረ እየ - ትግራዋይ ብምኻነይ ወዲ ዓድዋ እየ ወዲ ኣኽሱም እየ ትግራዋይ ብምኻነይ ወዲ ዓጋመ እየ ወዲ ክልተ ኣውላዕሎ ወዲ እንደርታ ወዲ ራያ እየ ወዲ ፀገዴ ወልቃይት እየ፦ ማንም ትግራዋይ ወዲ ራያ ኣይኮንካን ክብለኒ ኣይኽእልን ናይ ሞራል ብቕዓትውን የብሉን፦ ማንም ትግራዋይ ወዲ ዓጋማ ኣይኮንካን ክብለኒ ኣይኽእልን ናይ ሞራል ብቕዓትውን የብሉን፦ ኣነ ህዝቢ ትግራይ ካብ በደል ካብ ኣድልዎ ካብ ግፍዒ ክላቐቕ ኢሉ ንኹሉ ትግራዋይ ከም ሓደ ሪእ ዝመርሕ ዝነበርኩ ሰብ እየ፦ ኩሎም እቶም ጀጋኑ ኣብ ሓደ ግንባር ይወድቁ ኣብ ሓደ ጉድጓድ እንዳቐበርናዮም ኢና መዊና ወዲ ሽረ እዩ እዙይ ወዲ ዓድዋ እዩ እዙይ ወዲ ማይ ጨውዩ ወዲ ተምቤን እዩ ኢልና ኣይፈለናዮምን። እዙይ ካዓ ቀሊል ሃፍቲ ኣይኮነን፦ ቀሊል ፀጋ ኣይኮነን ውሑድ ዓቕሚ ናይ ትግራይ ሒዝና ሞያ ክንሰርሕ ዝኻኣልና ነዞም ከምዚኦም ዝበሉ ናይ ሩባ ናይ ሽንጥሮ ዘረባታት ሰጊርና ከም ተጋሩ ከም ህዝቢ ትግራይ ሓደ ኮይና ስለ ዝተቓለስና እዩ። ኣነ ይሓዝን /ሱቕ ኢሎም ሕርቕርቕ እናበሉ ኣብ ስምዒት ኣትዮም/ ሎሚ ኣብ ሞንጎ ተጋሩ ወዲ እገለ ኣውራጃ ወዲ እገለ ኸባቢ ዝብል ኣፈላላይ ደሚቑ ኣብ ሓደ ግንባር ክምዘይወደቕና ኣብ ሓደ ጉድጎድ ክምዘይተቐበርና ሓደ ታሪኽ ዘለዎ ህዝቢ ምኻኑ ተረሲዑ ክምዚ እንትረኢ ክምዚ እንትባሃል እንትሰምዕ እንተለኹ ይሓዝንየ / ሕዚውን ሱቕ ኢሎም ነዊሕ እንዳጠመቱ/ እዙይ ካዓ ክደምቕ ዝተገበረ ድሕሪ ምፍልላይና እዩ / ሕንቕንቕ ብዝበለ ዘረባ/፦ ድሕሪ ምፍልላይና ወዲ እገለ ወዲ እገለ ኸባቢ ወዲ ናይዚ ቤት ትምህርቲ ኸባቢ ወዲ እገለ ኣውራጃ እናተባሃለ ኣጆኹም ተወደቡ ተባሂሉ። እቲ ዓበይቲ ብሄራዊ ውዳበታት ክደክም ክብተን ክፈርስ ክህጀም ተገይሩ። ክምዚኦም ዝበሉ ውዳበታት ኣጆኹም በርትዑ ተባሂሉ። ኣነ ናይ ከባቢ ምልማዕ ተቓውሞ የብለይን ግን ነዚ ኣካይዳ እዚ ክተኣታቶ ክበጋገስ ዝተደለየሉ ዕላማን መንፈስን እቲ ወቕቱን ግን ጥዓና ዘለዎ ገይረ ኣይወስዶን፦ ድሕሪኡ ዝስዓበ ነገር እንትሪኢ እንተለኹውን እቲ ልምዓት ሽፋን እዩ እምበር መንቀሊኡ ግን ፖለቲካዊ ክምዝነበረ ንህዝቢ ትግራይ ንምድኻም ክምዝነበረ ገይረ እየ ዝወስዶ ይሓዝን እየ ይሓዝን እየ - ኣብ ቤት ማእሰርቲ ብጣዕሚ ሓዚነየ ክምዚ ዝበለ ነገር እንትሰምዕ እንተለኹ ልበይ እዩ ዝሰበር /ሕዚውን ነዊሕ ሱቕ ኢሎም/ እዙይ ኣትሪፉ ተሃድሶ፥ ናይ ተሃድሶ ውፅኢት እዙይ እዩ ኾይኑ፦ ግን ዘይምለስ ነገር ኣይኮነን። ህዝብና ዓብይ ህዝቢ እዩ፦ ህዝብና ነዚ ጉዳይ እዚ ብርግኣት ክምዝሕዞ ብዙሓት ለባማት'ውን ነዚ ክምዝቃወሙ ይፈልጥ እየ፦ ፖለቲካዊ ኣፈላላይ ኣብ ሞንጎኻ ክህሉ ይኽእል እዩ፦ ንዓዲ ዝጠቅም እዙይ እዩ ክብል ይኽእል ኣነ፥ መለስ ንዓዲ ዝጠቅም እዙይ እዩ ክብል ይኽእል እዩ ክንፈላለ ንኽእል ኢና እንተዘይተፈላለና ፅቡቕ፦ ግን እንተተፈላሊና ኻዓ መሬት ይፈርስ ማለት ኣይኮነን፦ ንሓድነት ዘባላሹ እዙይ ኣይኮነን እዙይ ኣማራፂ ሓሳባት እዩ ዘቕርብ ነፃነት እዩ ዘጠንክር ሓድነት ዘበላሹ እቲ ልዕሊ ኢለ ዝገለፅክዎ እዩ። ሃገርና በዙይ መንገዲ እዙይ እንተኸደት እዩ ዝሕሸና ናይ ኢትዮጵያ ሽግር እዙይ እዩ ዝፈትሖ፥ ምባል ኣይኮነን እባ ክምዚ ንኺድ ኢልካ ፖለቲካዊ ኣፈላላይ ክትገብር ትኽእል ኢኻ ብሄር ኣይፈልይ ኣውራጃ ኣይፈልይ፥ ሩባ ኣይፈልይ እዙይ ሓሳብ እዩ እዙይ መማረፂ ሓሳባት እዩ ፖለቲካ ዝድለ ነዙይ እዩ፦ እዙይ ንሃገር ኣይኽፉፍልን ንትግራይውን እዙይ ዝኽፍሎ ኣይመስለንን ንትግራይ ዝፈልዩ ኣድልዎ እዩ ንትግራይ ዝፈልዩ ሩባን ሽንጥሮን እናቖፀርካ ወዲ እገለ ወዲ እገለ ምባል ንትግራዋይ ልዑልን ትሑትን ዘገብር መሕደራይ እዩ።

**ደሃይ፦** *እስኪ ኣይተ ስየ*

→

*ብዛዕባ ቀፃሊ ፖለቲካዊ ህይወቶም እንታይ ክኸውን እዩ? ሕዚ ዝርከብሉ ኩነታትከ?*

አይተ ስዩ፦ ዋይ እንታይ ዳአ ካብ ፖለቲካዊ ውድብ ዕድመይ ሙሉእ ዝተቓለስኩሉ ዘዕበኽዎ ብዓቕመይውን ሰሪሐሉ ናብ ቁም ነገር ዝበቕዐ ህወሓት ዝበሃል ፖለቲካዊ ውድብ ነይሩ። አነ እሱዩ ህይወተይ ነይሩ። ምግዳል እዩ ህይወተይ ነይሩ። ሓዳር እናሃለወኒ ቤተሰብ እናሃለወኒውን ንዓይ ልዕሊ ኹሉ ህወሓትዩ ነይሩ /ሱቕ ንነዊሕ ደቓይቕ/ ካብ ውድበይ ደፊኦም አውፂኦሙኒ ካብ ህወሓት። በዚ አነ ጥራይ አይኮንኩንተን ዲአ ህዝቢ እውን ተጎዲኡ እዩ። ሽዑ ዝተዓወቱ መሲሉዎም ብዙሕ ተዛሪቦም። ንዳኛ አቤት ኢለውን ፍትሒ ስኢነ /ብሕንቕንቕ ዘረባ/ ውድበይ ተሓዲገ ንህዝቢ ትግራይ ግን ንዓደይ ግን ማንም ሰብ ክሕድገኒ አይኽእልን። ህዝቢ ትግራይ ክምዚ ጌሮም ክምዚ ጌሮም ተባሂሉ ዘረባ እንትቐርበሉ እንተሎ ናይ ክልቴኹም ንስማዕ ንሶምውን ይምፅኡ ንስኹም ውን ተዛረቡ ንስማዕ ኢሉ። ወገን ፈልዩ አየንጨብጨበን። እቲ ህዝቢ ይፈልጠኒ እዩ። አነ ናይ ህዝቢ ሕድሪ አየዕበርኩን አብ ኩናት ይኹን አብ ልምዓት ዓመይ ዝፈቐደ ኩሉአወፍየ እዩ። እቲ ህዝቢ'ውን ውለታ አይረሰዐን ነዙይ ካዓ አነ አየውድቐን። አብ ማእገረይ ሓንጊረዩ ዝነብር ዓብይ ሓላፍነት ዓቢ ውለታ ናይ ህዝቢ ጌረ እየ ዝወሰዱ። ቀደሙውን ስየ ዝበሃል ናተይ ሱም አይኮነን፦ ናተይሱም ሳህለ እዩ ዝባሃል፦ ስየ ዝባሃል ናይ ገድሊ ሱም እዩ፦ ብገድሊ ብደቂ ህዝቢ ትግራይ ዝተለዓለ ዝሽበረ ስም እዩ ነዙይ ስም እዚ አየርክስክዎን፦ ህዝቢ ትግራይ ንቕድሚት'ውን በዚ ሱም እዚ አይሓፍርን፦ ሕዚ ካብ ቤት ማእሰርቲ እየ ወፂአ ዘለኹ ስራሕ የብለይን። ግን ናብራይ ንኽልኮል ኢሉ እዩ፦ ሳላ ሓው እዩ ገዛይውን ክይፈረሰ ፀኒሑ። ግን ናተይ ይኹን ናይ አሕዋተይ ናብራ ንምጥፋእ ንምድካም ንምውራድ መንግስቲ ሙሉእ ፓርቲ ሙሉእ ዘሚቱ እዩ። ዝኾነ ኾይኑ ግን ምንባር ይካአል እዩ ፦ ክነብር እየ ክሓልፍ እዩ፦ ክምቲ ዓንተዎ ዝገለፅክዎ፦ እቲ ስየ ዝባሃል ሱም ናተይ አይኮነን ናይ ቃልሲ ናይ ህዝቢ ሱም እዩ፦ አኽቢረ ክሕዞሉ እየ ንህዝቢ ትግራይ አየዋርደን አየውድቖን /ሕዚውን ንነዊሕ ደቒቓ አብ ሓሳብ/። ንሓዋሩ እንታይ ትሓስብ ዝብል። ዋእ ከመይ ኢለኸ ሱቕ ክብል ይኽእል ከመይ ኢለኸ ክድቅስ ይኽእል። ዝዓቕመይ'ባ ይገብር። ዝዓቕመይባ ነገር ክዕሪ ይፍትን፦ ነቲ ፅልግልግ ኢሉ ዘሎ ዘፍርሕ ኹነታት ክጋላህ ዓቕመይ ዝፈቐደለይ ይገብር ክገብር እየ ኻዓ። ናይ'ቲ ደገፍን አጆኻ ባሃሊ ዓድን ሒዝካ ብዙሕ ክስራሕ ክምዝኽእል ይፈልጥ እየ። አብ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ አብ ቃልሲ ናይ ኢትዮጵያ ዘጥረኽዎ ልምዲ አለኒ ፍልጠት አለኒ፦ ዕድመውን ወሲኸ እየ ለቢመ እየ። ስለዚ ዝሕሽ ክሰርሕ ዝሕሽ ክዕሪ ይኽእል እየ ዝብል እምነት አለኒ፦ ንሳቶም'ውን ካብ'ቲ ዝሓለፈ ብሱም ተሃድሶ ዝገበርዎ ናይ ዕብዳን ወፍሪ ተማሂሮም ክምኾኑ ተስፋ እገብር። ምስኡ ጎኒንጎኒ ናብራ አለኒ፦ ቆልዑ አለውኒ ሓዳር አለኒ እቶም ቆልዑ ክዓብዮ እቲ ገዛ ክፅግን ክ እንታይ ክገብር አለኒ ዝብልውን ክምልስ እየ። ሕዚ ግን እዙይ ዝብሎ ነገር የብለይን።

**ደሃይ፦** *እስኪ ናብ ሰድረኦም ክንምለስሞ ወላዲኦም ብደርጊ ተቐቲሎም ክምዝሞቱ ካብ ቤት ማእሰርቲ ክርሸኑ ክኸዱ ኸለውስ ምስቶም ሓለውቲ ወታደራት ተገታጊቶም ክምዝሞቱ ይዝረብ እዩ፦ እዙይ ሓቂ ድዩ? እንትሞቱኸ ንሶም አበይ ነይሮም?*

አይተ ስዩ፦ አነ አብ ገድሊ እየ ነይረ ሽዑ 1972 ዓ/ም እዩ። ሽዑ አብ ማእኸላይ ይንቀሳቐስ ነይረ ውግአት ነካይድ ኔርና ይፈልጡኒ እዮም ናይደ ርጊ ሰበስልጣን ወዲ ግራዝማች አብርሃ ወዲ ደጃት አርአያ (ሓየሎም) ማለት እዩ ክምዚ ይገብሩ አለው እናበሉ ብሄሊኮፕተር ክይተረፈ አብ ዝባንና ወረቐት ይብትኑ ነይሮም። ደቂ መሳፍንቲ ዝኾረዩ እናበሉ፦ ብዝተሰጎዱ ቑፅሪ ወረቐት ይብትኑ ይፃረፉ and (ኤንድ) በዙይ ምኽንያት ተጠማቲ እየ ነይረ አነ። ስለዚ ሓደ መዓልቲ ደርጊ ዘመቻ ገይሩ በቱይ ገዛውትና እንተሓልፍ እንተሎ አቦይ ምስቲ ቦኽሪ ሓውና አሎ አፍቲ ገዛ ፀኒሖም ዋእ ዘይትሃድሙ ኢሉዎም ሰብ ዋእ እንታይ መፅዩኒየ ዝሃድም በይነይ ድየ አጋዲለ እንታይ ገይረ አነ ሽማግለ ሰብአይ አብ ገዛይ ይቕመጥ አለኹ እንታይ ኮይነ እየ ዝሃድም ኢሉ አይሃደመን እቲ ዓብይ ሓውና አነውን ምስ አቦይ እየ ዝፀንሕ ኢሉ ሕሉፍ አብርሃ ይባሃል። ኮነ ተረፈ ንሰኻ ኺድ ኢሉዎ አብ መጨረሻ ሰዓት ኪድ ኢሉ አቦና ምስ በርተየ ንሱ አፍቲ ገዛና ውፅእ ኢልካ አታኽልቲ አሎ አብቲ አታኽልቲ ኸይዱ አብ ሓደ ፈለግ ናይ መስኖ ታሓቢኡ መዊኦም ነቲ ገዛ ብሙሉእ ነቲ ንብረት አቃፂሉም፦ ነደይን ንአቦይን አሲሮም ዝተረኽበ ጥሪት ብሙሉኡ ከፍቲ ኮብኪቦም ናብ ዓብዩዓዲ ክይዶም። ወተሃደራት ተቐራሚቶም በሊዮምዎ። ነቲ ዘምለጠ ሓወይ ናበይ ገፅ አምለጠ ተባሂሉ ወታሃደራት ሰዲዶም ደልዮም። ክልተ ሰለስተ ሻዕ ብዝባኑ በቲ ፈለግ ሰጊሮም አይትጥፋእ እንትብሎ እንተሎ አይረኸብዎን ንአቦይን አደይን ሒዞም ክይዶም፦ ነደይ አብ ዓብይ ዓዲ አሲሮም አፅኒሖማ ዳሓር ፈቲሖማ፦ ንአቦይ ንመቐለ ሒዞም ኸይዶም አብ መቐለ አብ ክርሸለ ፀኒሑ ዳሓር ክቐትልዎ ወሲኖም ምስ ካልኦት ሰባት አብ ጂፕ ፅዒኖም ናብቲ ዝቕተለሉ ቦታ እንትወስድዎ እንተለው ንሞት ይኸይድ ክምዘሎ ፈሊጡ ምስቶም ወታሃደራት ተቓሊሱ ደንጊፆም እቶም ወታደራት ካብታ መኪና ወፂኦም ነታ መኪና ደሪቦም አብኡ እንክለው ብጥይት ረሽሪሾሞም። እታ መኪናውን ተቓፂላ ካብ ጥቕሚ ወፃኢ ኾይና ወታሃደራትውን ሞይቶም እዩ ዝባሃል ሓደ ይኹኑ ክልተ አይፈልጥን። ሽዑ ሰብ ክምዝሞተ ዓዲ ፈሊጡ ግን ሱቕ ኢሉ ቆርጢምዎ ፀኒሑ። ምኽንያቱ ሽዑ ክፉእ ዘበንዩ ነይሩ። ዳሓር ሰነ 1986 ዓ/ም ናይ ሰማእታት አዕፅምቲ ናይ ብቐይ ሽብር ዝተቐትሉ ሰባት አዕፅምቲ እንትእረ እንተሎ ናይ አቦይ መቓብርውን ህዝቢ መቐለ ረኺብዎ ፍሒሩ አውፂእዎ ንበይኑ ተቐቢሩ ፀኒሑ ምልክታት ናይ አቦና ምዃኑውን መረጋገፂ ተረኺቡ ህዝቢ መቐለ ናይ አቦይ አዕምቲ አልዒሉለይ። ብድሕሪኡ አበይ ይቀበር ዝብል ሕቶ ተላዒሉ አፍቲ ዝተወለድናሉ ዓዲ ናይ አቦሓጎታትና መቓብር ዝኾነ መልግብ ዝበሃል አሎ። ብእነይ በቲ ዓብይ ሓውና ሕሉፍዉን ናብኡ ወሲድካ ናይ ምቕባር ድልየት ነይሩ። አይ በሉ አቦና አብ ዝሞቶ ኢና ንቐብሮ እዙይ'ውን ዓዱ እዩ ዓድና እዩ ህዝቢ መቐለ አዕፅምቲ አቦና አርዩ አምፂኡልና ምስ ህዝብና ኾይንና አብዚ ኢና ንቐብሮ ኢልና መቓብሩ አብ መቐለ አብ ማርያም ጉግሳ አሎ። ሞት አቦኻ አበይ ከመይ ሰሚዕኻዮ ንዝብል አብ ናይ ከተማ ስርዒት ዝሰርሕ ዝነበረ ሓደ ተጋዳላይ አቦይ ክምዝሞተ ሰሚዑ ብናይ ውግእ ሬድዮ አቕርቡለይ ንስየ ኢሉ ቀሪበ ብሬድዮ ናይ ኩናትየ ተረዲአ፦ አይበሽኹን ክንደይ ሰብዶ ይመውት አየሎን አቦይ እዩ ርግፅ ሽማግለ ወላዲኻ ናቱ ብዘይኮነ ሓጥያት ስለዝወለደ ጥራሕ ብግፍዒ እንትመውት እንተሎ የሕዝንዩ ግን ሱቕ ኢለ ሓዚነይ ብውሽጠይ ውሒጠ ናብ ስርሓይ ክይደ ናብ ውግእ ኢና ንኸይድ ኔርና ሽዑ ንእንትሙ ኢና ንኸይድ ኔርና አቦይ ጥራሕ አይኮነን ደርጊ ቐቲሉ ምዕባየይ ሓወይ አብ መቐለ ዝነበረ መምህር ገብረስላሰ

→



ኣይተ ስየ ኣብርሃ፣ ወላዲኦምን ሓዎም ምሕረትኣብ

ዝባሃል በቀይ ሽብር እዋን ንዕኡ ቀቲልዎ እዩ ቅድሚ ኣቦይ ምሟቱ። ንሱ እንትእሰር እንተሎ ሐዘንተኛ ናይቲ ዓብይ ሓውና እዩ ነይሩ ንሱውን በቲ ናይ ሰማእታት ዕለት ምስቶም ብዙሓት ኣብ መቐለ እዩ ተቐቢሩ። ኣነ በረኻ ኸይደ ምንኣሰይ ኣሰፋ ኣብ ኮሌጅ ይመሃር ኔሩ ግራጁዌት እንትገብር እንተሎ ኣቦይ ቤት ማእሰርቲ ኣትዩ ኣቦይ ምስሞተ እንደገና ሓወይ ኣሰፋ ተኣሲሩ ንሱ ኻዓ ንጥቓ ዓሰርተ ዓመት ደርጊ ብዘይፍርዲ ኣሲርዎ ኢ.ህወደግ ኣዲስ ኣበባ ግንቦት 20 እንትኣቱ እንተሎ ናይ ከርሸለ ሓፁር ዘሊሉ ወጺኡ፦ ሕዚ እዙይ ኣሕሊፍና እንደገና በቲ ባዕልና ዝተቓለስናሉ ውድብ ገዛ ሙሉእ ተኣሲርና። ክንደኪ ክንወድቕ ተባሂሉ ንብረት ብሙሉኡ ታኣጊዱ ናይ ኣሕዋተይ ቢዝነስ ንብረቶም ክሳብ ሕዚ ምስ ተኣገደ እዩ ዘሎ። ኣሰፋ ሓወይ ሕዚ'ውን ኣብዚ ሓድሽ ናይ ማእሰርቲ ዘበን ካዓ ሽዱሽተ ዓመት ሓሊፍዎ ኣመክሮ'ውን ተኸልኪሉ ኣብ ቤት ማእሰርቲ እኒሁ፦

**ደሃይ፦** *ስለዚ ወላዲኦም ሉቕ ኢሎም ዘይሙማቶም ተጋታጊቶምም ሰዋርድያታትም ሟቶም እንትሰምዑ እንታይ ዝፈጠረሎም ስምዒት ነይሩ?*

**ኣይተ ስየ፦** ዋእ ኣቦይ ከመይ ዝበለ ሙኹሕ ሰብኣይ እዩ፦ ብዕድመ ዓብይ ይንበር እምበር ዕኑዕ ሰብኣይ እዩ። ብእምነት ብሃይማኖት'ውን ዕኑዕ እዩ ብስረን ብሰብእነትን'ውን ዕኑዕ እዩ፦ ቀደሙ'ውን እንተኾነ ባዓል ስልጣን ፈሪሑ ዝኣምነሉ ነገር ካብ ምዝራብ ንድሕሪት ዝብል ኣይኮነን፦ ሰበ ስልጣናት ኣብ ተምቤን ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ዝመፁ ዝነበሩውን ይፈልጡዎ'ዮም፦ የኽብርዎ ግን ይፈልጥዎ ስለዚ ኣቦይ ዊድ ምባሉ ኣብ መጨረሻ ሰዓት ልቡ እንትነግሮ እንተሎ ዊድ ምባሉ ኣይገርመንን።

**ደሃይ፦** *ዓንተዎ ስድራ ኣለውኺ ቆልሁ ኣለውኺ ኢሎም ኔሮም፦ በዓልቲ ገዝኦም መን ይባሃላ ኣበይ ተራኺብኩም?*

**ኣይተ ስየ፦** ባዓልቲ ገዛይ ሓዳሽ ኣለሙ ትባሃል ገና ጓል 15 ዓመት እናሃለወት ዝተጋደለት'ያ። ዕድሚኣ ሙሉእ ንእስነታ ሙሉእ ኣብ ገድሊ'ያ ኣጥፊኣቶ ኣብ ገድሊ ኢና ሓዳር መስሪትና ሓዳር ካብ ንገብር 22 ዓመት ሓሊፉና'ሎ፦ ናይ ሕጊ ትምህርቲ ተማሂራ'ያ፦ ኣፍቲ ናይ ኢ.ህወደግ ቤት ፅሕፈት'ያ ትሰርሕ ኔራ፦ ግን እቲ ኣፈላላይ ምስመፀ ናተይ ቢሮ'ውን ናታ ቢሮ'ውን ኣሺጎም ካብ ስራሕ'ውን ኣባሪሮማ ካብ ኣባልነት እውን ኣባሪሮማ ብድሕሪኡ ኣነ ታኣሲረ፦ ደቀይ ተዕቢ ደቃ ተዕቢ ሰብኣያ ትጥውር ሰብኣያ ትቕልብ ሓደ መዓልቲ ዶኾን ይወግሐለይ እናበለት ትልምን ትፅሊ። ሕዚ ተፈቲሐለኹ ንቕድሚት እቲ ሽግር ኣይድገምን ዝኸውን ኢልና ተስፋ ንገብር እቶም ቆልዑ'ውን ንሳውን መከረእም ተወዲኡ ኢልና ተስፋ ንገብር ንቕድሚት ኣነ'ውን ንሳውን ስራሕ እናሰራሕና ደቅና ናብራና ክንመርሕ ኢለ ይምነ። እቶም ቆልዑ እታ ናይ መጀመሪያ ጓልና ፅላል ትባሃል 15 ዓመት ሓሊፍዋ ኣሎ እቲ ኻልኣይ ኣሰር ዓሰርተ ክልተ ዓመቱ ጌሩ ናብ ዓሰርተ ሰለስተ ይኸይድ ኣሎ እቲ ናይ መጨረሻ ቃል ይባሃል ኣነ እንትእሰር እንተለኹ ወዲ ሸሞንተ ወርሒ'የ ገዲፈዮ ሎሚ ሸውዓተ ዓመቱ ይኸይድ ኣሎ፦ ደቀይ ይኹን ቤተሰበይ ኣብ ዝኾነ ቦታ ኸይዶም ሕጉሳት'ዮም ኩሩዓት እዮም ዓዲ ሙሉእ ኣጆኹም እዩ ዝብሎም፦ ዓዲ ሙሉእ ሞራል እዩ ዝህቦም ኔሩ ብዓልቲ ገዛይ ኣብ ዝኸደት ትኺድ ኣብ ሹቕ ትኺድ ኣብ ፋርማሲ ትኺድ ኣብ ታክሲ ትኺድ ኣብ ዝኸደት ክይዳ ሰበይቲ ስየ ተባሂላ ኸቢራ ተመስጊና ሰብ ኣጆኺ ኢልዋ በርትዒ ኢልዋ እያ ትነብር ኔራ ደቀይ'ውን ኣብ ዝኾነ ቦታ ኸይዶም ደቂ ስየ ምኳኖም ዝፈለጠ ኣጆኹም ኢሉ ኣታባቢዑ'ይ ሰዶም ነይሩ፦ ህዝቢ ንቤተሰበይ ኣደራሪዑለይ እዩ ሞራል ሂቡለይ እዩ፦ ነቲ ናይ ህዝቢ ሞራላዊ ደገፍ ካዓ ነቶም ደቀይ ሞራሎም ክጥንክር ክፀንዑ ጌይርዎም እዩ ትግራዋይ ኣይብለ ኢ.ህወደግ ኣይብለ ወያነ ነይሩ እዩ ኣይብለ ዝኾነ ኢትዮጵያዊ እዩ ኣጆኹም በርትዑ ኢሉ ንቤተሰበይ ኣደራሪዑለይ ስለዚ የቐንየለይ ክብረት ይሃበለይ እየ ዝብል።

**ደሃይ፦** *ሕዚ መቐም ዝሓለፈ ሚለንየም ናይ ኢትዮጵያ ብፍላይ ንዓና ንተጋሩ ናይባዕሉ ኣሉታውን ኣወንታውን ፍፃመታት ኔሮም ሕዚ ናብ ሓድሽ ናብ ሳልሳይ ሚለንየም ኢትዮጵያ ኢና ንኣቱ ዘለና'ሞ ብፍላይ ንህዝቢ ትግራይ ኣብቲ ሓድሽ ወለዶ እንታይ እዩ ዕማሙ እንታይ እዩ ሓላፍነቱ ኣሰር ኢዮታቱ ኣብ ምስዓብ ታሪኹ ኣብ ምቕባል ኣብ ምዕቃብ?*

**ኣይተ ስየ፦** ኣነ በቲ ናትና ትውልዲ ዘጋጠሞ ፈተና (challenge) ንዑኡ ንምፍታሕ ዝተኸተሎ ኣካይዳ ኔሩ፦ እቲ ናትና ትውልዲ ሓያል ትውልዲ ኔሩ፦ እምቢተኛ ትውልዲ ነይሩ፦ ሰብ ጠበንጃ ስልጣን ሒዞም ኣይትታኣከቡ ኣይትሰለፉ ኣይትማኸሩ ኣይትዕሓፉ እንትብሉና እንተለው ዋይ ይኣኽለናባ ኢልና ጠበንጃ ሒዝና በረኻ ኼድና ተቓሊስናዮም ኢና፦ ዝተኸተልናዩ መገዲ ሸሁ ንሞት ንመስዋእትነት ንሽግር ንመከራ ኣፍልብኻ ሂብካ



ናብ ገፅ 33 ይዘውር